# 200 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ዳንፉዳ ዝተባህለ ቤትማእሰርቲ ሊብያ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ከምዝርከቡ ተፈሊጡ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
19.08.2009

ኣስታት 200 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ከተማ በንቃዚ ሊብያ፡ ዳንፉዳ ኣብ ዝተባህለ ቤት-ማእሰርቲ ተዳጒኖም ኣብ ኣዝዩ ዘሰክፍ ኩነታት ከምዘለዉ፡ ምንጭታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ቦታ ሓቢሮም። እዞም ኣብዚ ዝተጠቕሰ ቤት-ማእሰርቲ ተዳጒኖም ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ንምድረበዳ ሰሃራ ሰንጢቆም ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ናብ ሊብያ ክኣትዉ እንከለዉ ኣብ ከተማታት ኩፍራን በንቃዝን ዝተታሕዙ ኮይኖም፡ ካብ ኣርባዕተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመትን ፈረቃን ኣብቲ ቤት-ማእሰርቲ ዝጸንሑ ከምዝርከብዎም ምንጭታትና ወሲኾም ገሊጾም። ብዘይካዚ፡ ገለ ካብቶም ካብቲ ቤት-ማእሰርቲ ከምልጡ ዕድል ዝረኸቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ከምዝገለጽዎ፡ ኣተሓሕዛ እሱራት ኣብቲ ቤት-ማእሰርቲ ኣዝዩ ሕማቕ ምዃኑን፡ ምስቶም ፖሊስ ናይቲ መዳጎኒ ማእከል ብምምሽጣር ከምልጥ ዝፍትን ሰብ ድማ፡ ክሳብ 1000 ዶላር ክኸፍል ከምዝግደድ፡ ክፍለጥ ተኻኢሉ’ሎ። ብመሰረት ናይቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ካብቶም ኣብዚ ቦታ ተዳጒኖም ዝርከቡ 200 ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ 52 ደቂ-ኣንስትዮ ኮይነን፡ 3 ነብሰ-ጾራት፡ 8 ህጻናትን፡ 4 ስንኩላንን 10 ድማ፡ ብከቢድ ሕማም ዝተጠቕዑ ከምዝርከብዎም ተሓቢሩ። እዞም ብዘይዝኾነ ፍርዲ ኣብ ማሕዩር ክበልዩ ተገዲዶም ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ዘሕለፍዎ መልእኽቲ፡ ንኹሎም በቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብፍላይ ድማ፡ ኣብ መንእሰይ ኤርትራ ወሪዱ ዝርከብ ሓደጋ ዝሰግኡ ወገናት፡ ካብዚ ዘለውዎ መከራን ስቓይን ንምድሓን ኣውያቶም ክገልጹሎም ጸዊዖም።

ኣብ ተመሳሳሊ ዜና፡ ኣብ ኢስራኤል ዝርከቡ ኤርትራውያን ዝርከብዎም ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ካብ ከተማ ተላቪቭ ወጺኦም ናብ ነኣሽቱ ከተማታት፡ ሻሎም፡ ባርሼባ፡ ቤተልሄምን ወደባዊት ከተማ ኤላትን ክኸዱ ክግደዱ ምጽንሖም ዝፍለጥ ኮይኑ፤ ነዚ ንምርግጋጽ ድማ፡ ሰበ-ስልጣን ኢስራኤል ኣብ ከተማ ተላቪቭ ግፋ ከካይዱ ጸኒሖም ኢዮም። ምንጭታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ቦታ ከምዝሓበርዎ፡ እቶም ኣብ ከተማ ተላቪቭ ንስደተኛታት ዘስርሑ ሃብታማት እስራኤላውያን፡ ነዚ ስደተኛታት ካብ ከተማ ተላቪቭ ወጻኢ ክስርሑን ክቕመጡን ኣለዎም ዝብል ፖሊሲ መንግስቲ እስራኤል ብምምዝማዝ፡ ንብዙሓት ስደተኛታት ደሞዞም ምኽፋል ይኣብይዎም ምህላዎም ምንጭታትና ካብቲ ቦታ ሓቢሮም።